ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ዓብይ ዓዲ ን2011 ዓ/ም በጀት ዓመት ግልጋሎት ዝዉዕሉ ዝተፈላለዩ ሃለቕቲ ቀወምትን ንብረት ናይ ቤት ፅሕፈት መሳርሒን ፅሬት ኣቁሑትን : ንዝተፈላለዩ ዲፓርትመንት ህንፃ መሳርሒን ፣ ናይ ኤሌክትሪክ ኣቅሑት ዲፓርትመንትን፣ ንኣገልግሎት ዝውዕል ኮምፒዩተር፣ ናይ ቢሮ ደረቅ ወንበርን፣ ሸራተን ወንበርን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሕዳር 28, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 11, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:ዓ/ዓዲ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 11, 2011 8:45 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ስለዚ ክትጫረቱ ትደልዩ ነጋዶ ዝስዕብ ረቋሒ ክተማልኡ ይግባእ ናብ ትካልና ብምቅራብ ዝርዝር ናይቲ ኣቑሑት ዝሓዘ ሰነድ ብር 50.00 ሓምሳ ቅርሺ ዘይምለስ ብምክፋል ካብ ዓ/ዓዲ ቴክኒክን ሙያን ኮሌጅ ዕ/ፋ/ን/ም/ር ቢሮ ቁፅሪ 6 ቀሪብኩም ካብ ዕለት 27/03/2011 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 11/04/2011 ዓ/ም ሰነድ እናመፃእኩም ክትወስዱ ከም እትክእሉ እናገለፅና ተጫራታይ እዞም ዘለዉ ነጥብታት አብቲ ሰነድ ጨረታ ከማልእ ይግባእ።

1 ንግዲ ፍቓድ (ዝተሐደሰ) ኮፒ ብምቅራብ

2 ናይ ግብሪ ከፋላይነት መለለይ ቁፅሪ /Tin/ ሰርተፊኬት ቅዳሕ ዘቅርብ

3 ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ /ቫት/ ምስክር ወረቀት ብቅዳሕ ዘቅርብ

4 ዝተሐደሰ ናይ መቕረባይነት ምስክር ወረቀት ቅዳሕ ዘቅርብ

5 ናይ ወርሒ መስከረም/ጥቅምቲ2011 ዓ/ም ዴክላሬሽን ዝክፈለሉ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

6 ተወሳኺ እሴት ታክስ (ቫት) ሓዊሱ ክመልእ ዝኽእል፤

7 ተጫረቲ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ሰነድ ጨረታ ካብ ዓ/ዓዲ ቴክኒክን ሙያን ኮሎጅ ዕ/ፋ/ን/ም/ር ብምዉሳድ ብዝተዓሸገ ፖስታ ኦርጀናልን ኮፒን ነንበይኑ ናብቲ ሰነድ ጨረታ መእተዊ ዝተዳለወ ሳፁን የእቱ።

8 ናይቲ ጨረታ መክበሪ ንፅሕፈት መሳርሒን ፅሬትን ኣቁሑትን ሎት 1 -3000 ብር / ሰለስተ ሽሕ ብር / ንኤሌክትሪክን ሎት 2- 3000 ብር / ሰለስተ ሽሕ ብር ንህንፃ መሳርሒ ንሎት 3 በብዘርፍኩም 6000 ብር / ሰለስተ ሽሕ ብር / ንኮምፒተር ሎት 4- 3000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ ንፈርኒቸር ሎት 5- 3000.00ሽሕ ቅርሺ፣ ብCPO ወይ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዝ ዝኽእል፣

9 እቲ ዝተዳለወ ሳፁን ዕለት 11/04/2011 ዓ/ም ሰዓት 8:30 ናይ ድሕሪ ሰዓት ክፈቲ ኮይኑ ይፀንሕ ይዕሸግ።

10 እተ እቲ ዝተዳለወ ሳፁን ዕለት 11/04/2011 ዓ/ም ሰዓት 8:45 ናይ ድሕሪ ሰዓት ይኽፈት።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ጨረታ ዝክፈተሉ ቦታ ዓ/ዓዲ ቴክኒክን ሙያን ኮሌጅ ዕ/ፋ/ን/ምም/ር/ ንብረትን በቲ ዝተጠቀሰ ዕለትን ሰዓትን ተጫራታይ ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዝተረከበሉ ይኹን ኣብ ዘይተረከበሉ እዉን እቲ ናይ ጨረታ ፖስታ ይኽፈት።

12 ዘሸነፈ ተጫራታይ ንዘሸነፈሎም ኣቁሑት መጓዓዓዚ ኾነ መፅዓንን መራገፍን ባዕሉ ይሸፍን ናብ ዓ/ዓዲ ቴክኒክን ሙያን ኮሎጅ የርክብ

13 ተጫራታይ እቲ ጨረታ አሺንፍካ ተባሂሉ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 3 (ሰለስተ) ናይ ስራሕ መዓልቲታት ዉዕል ብምእሳር ኣብ ዉሽጢ ዓሰርተ(10) ናይ ሰራሕ ተከታተልቲ መዓልተ ንብረት የቅርብ። ኣብ ውሽጢ 20(ዒስራ) መዓልትታት እቲ ንብረት ሰሪሑ የቀርብ።

14 ብዉዕሉ መሰረት ንኣቅሑ ቢሮ ብእዋኑ ንዘይኣቅረበ ኣቁሑት በቲ ጨረታ መምርሒ መሰረት ኣብ መዓልቲ 1/1000 ብር ይቅፃዕ።

15 ዝኮነ ተጫራታይ ናይ ጨረታ ዋጋ አብቲ ዝወሰደ ዝተዳለወ ባዶ ሰነድ ጨረታ ብትክክል ኣቀሚጡ ክመልእ አለዎ። ካብኡ ወፃኢ ብካሊእ ሰነድ ዘቅርብ እቲ ትካል ኣይቅበሎን ዉድቂ ይኸዉን።

16 ካብ ስፐስፊኬሽን ወፃኢ ምምላእ ኣይፍቀድን

17 አብ ዘቅርቦ ናይ ጨረታ ሰነድ ስሙ ፈርሙእን ኣድራሻን ማህተም ናይቲ መቅረባይ ድርጅት ብትክክል ከቀምጥ ኣለዎ።።።

18 ንምንባብ አፀጋሚ ዝኾነ ፊደል ወይ አሃዝ ዘቐመጠ ብቀጥታ ካብተ ጨረታ ይስረዝ።

19 እቲ ትካል ኣብ ሓደ ዓይነት ኣቅሓ 20% ናይ ምውሳኽ ወይ ናይ ምቅናስ መሰል ኣለዎ።

20 እቲ ትካል ዝሐሸ መማረፂ እነተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ኮነ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕልዉ እዩ።

21 ፕሪንተር ቀለም ዉሕስና ን 6 ወርሒ ክህብ ዝክእል

22 ንኮምፒተር ውሕስና 1 ዓመት ይከውን።

23 ንኣቅሑ ቢሮ ደረቅ ወንበርን ሸራተን ወንበርን ብመሰረት እቲ ዝቀረበ መርኣያ ወይ ድማ ሳምፕል ከቅርብ ኣለዎ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344-460323 ደዊልኩም ምሕታት ትክእሉ ኢኩም

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle